ኤርትራዊ ማሕበር ንሰላም ኣብ ባደንቨርተንበርግ
ERITÄISCHER VEREIN FÜR FRIEDEN
IN BADEN- WÜRTTEMBERG
الجمعية الإريترية للسلام



ሓደ ካብቶም ጋዘጠኛታት

# ዘይሕለሎም ተቓለስቲ
# ካብ ጀነቭ ንሮማ

ሳሙኤል ገብረገርግስን፥ ተኽለ፡ግብረገርግስን ዝብሃሉ ኣሕዋት ጉዳይ ኤርትረዊያን እሱራት ምኽንያት ጌሮም ዘሎ ሕማቕ ምሕደራ ናይ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጨቃኒ መንግስቲ ንሕብረተ- ሰብ ዓለም ንምቕላዕ ብዘይሕለል ምንፈስ ተቓላሲ ዓቢ ድኻም ዝሓትት ናይ ሚኢቲታት ኪሎመተራት. ጉዕዞ እግሪ ብምፍጻም ኣቓልቦ ሕብረተ ሰብ ዓለም ኣብ ኩነታት ኤርትራዊያን እሱራት ከምዘድህብ ንምግባር ሎሚ ንኽልኣይ ጊዜኦም ማለት ቅድሚ ሕጅ ካብ ፍራንክፎርት ንቡርሰል ን640 ኪ.ሜ. ዝኣክል ተጋዒዞም ኣቓልቦ ዓለም ናብ ጉዳይ ኤርትራውያን እሱራት ከምዝዓልብ ንምግባር ቀዳማይ ፈተነ ዓወት ዝመልኦ ጉዕዞ ፈጺሞም ሎሚ ከኣ ንኻልኣይ ጊዜ ንዝነውሔን ዝመረረን ጉዕዞ እግሪ ማለት ካብ ጀነቭ ንሮማ ን1200 ኪ.ሜ. ዝኣክል፤ ሓምሳ ኪ.ሜ. ኣብ ምዓልቲ እና ተጋዕዙ ተታሓሒዞምዎ ይርከቡ፤ኣሕዋት ሳሙኤልን ተኽለን ብዕለት 15.06.05 ካብ ጀነቭ ተበጊሶም ዓድ ጥልያን በጺሖም ማለት ኣብ ዓድ ጥልያን ብቶሪኖ ኣቢሎም ብዕለት 25.06.05 ናይ ምሸት ኣብ ኖቫራ በጺሖም፤ ዕለት 26.06.05 ኣብ ሚላኖ፤ ዕለት 27.06.05 ሎሚ ኣብ ሞናሳ ክበጽሑ ተስፋ ይግበረሎም እቲ ጉዕዞ ምስ'ዚ ዘሎ ሙቀት ጽሓይን ኣዝዩ ብርቱዕ ድኣ ይኹን እምበር ክሳዕ ሕጂ ብኹነታት ጥዕነኦም ጽቡቕ ኣለው ኣብ ዘዝበጽሕዎ ከኣ ብጋዜጠኛታትን ስብ-ስልጣን ናይቲ ዘዝበጽሕዎ ሃገርን ጽብቕ ምቕብባልን ምትሕብባርን እና ረኽቡ ንጉዳይ ኡሱራት ኤርትራዊያን ኣብኩሉ እናቃልሕዎ ጉዕዞኦም ይቕጽሉ ኣለው። ብምቕጻል ዕለት 28.06.05 በርጋሞ 29.06.05 ብረሻ 30.06.05 ወይ1.07.05 ካስተኑወቫ ደላ ጋርዳ ብዘይ ሓደነገር ክኣትው ተስፋ ይግበረሎም፥ ጉዕዞኦም ካብ መዓልቲ ናብ ማዓልቲ ንካታተሎ ስለ ዘሎና ከኣ በብጊዜኡ ኩነታቶም ክንሕብረኩም ኢና፤ ኣብ'ዚ ታሪኻዊ ጉዕዞኦም ዓወት ክረኽቡ ካኣ ንትምነየሎም፤ ስለ'ዚ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ እዚ ዝገብርዎ ዘለው ጉዕዞ ኣድማዒ ምእንቲ ክኸውን ነፍስወከፍ ዜጋ ፈርማታትኩምን ናይ እትፈልጥዎም ወጻእተኛታትን ክተቕርቡ ንጽውዕን ንላቦ።

ኣካያዲት ሽማግለ
ማሕበር ኤርትራዊያን ንሰላም
ስቱትጋርትን ከባቢኣን
ጀርመን